መንግስቲ ኤርትራ

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ዕድላት ወፍሪ ኣብ ጽላት ሕርሻ

ታሕሳስ 2012

ኣስመራ

1. *ዕቑር ጸጋታት ንዕቤት ሕርሻዊ ጽላት*

## *ቀንዲ ሕርሻዊ ጸጋታት ኤርትራ*

*ሕርሻ እምነ-ኩርናዕ ቁጠባ ኤርትራ'ዩ፡ ንልዕሊ* 60% *ህዝቢ ኤርትራ ድማ ምንጪ መግብን እትዋትን ኮይኑ የገልግል። ኤርትራ ኣብ መዓላ ሕርሻ ክውዕል ዝኽእል ሰፊሕ መሬት ኣለዋ። ካብቲ ጠቕላላ ስፍሓት መሬት ኣስታት 2.1 ሚልዮን ሄክታር (17%) ኣብ መዓላ ሕርሻ ክውዕል ዝኽእል ምዃኑ ይግምገም። ካብዚ ኣስታት 0.6 ሚልዮን ሄክታር ብመስኖ ክለምዕ ዝኽእል ኢዩ። እቲ ዝተረፈ መሬት ኤርትራ ንጉስነት ዘገልግል ወይ ከኣ ብሑጻ ዝተሸፈነ ኣጻምእ ምዃኑ ይፍለጥ። ብኣግራብ ዝተሸፈነ ስፍሓት መሬት ከኣ 0.5% ጥራሕ ምዃኑ ይግምገም። ኣብዚ ጊዜ'ዚ* 520,000 *ሄክታር ብዝናብ ዝለምዕ ዘሎ ኮይኑ ኣስታት* 103,000 *ሄክታር ድማ ብመስኖ ዝለምዕ ዘሎ'ዩ።*

*ኣብ ሃብቲ እንስሳ እንተ ተመልከትና'ውን ብሚልዮናት ዚቑጸሩ በብዓይነተን ጥሪት እኳ እንተሃለዋ (4.7 ሚልዮን ኣጣል፡ 2.2 ሚልዮን ኣባጊዕ፡ 1.9 ሚልዮን ከብቲ፡ 0.3 ኣግማል ኣስታት 1.0 ሚልዮን ደርሁ) ኣተሓሕዘአን ኣብ ያታዊ ክብርታት እምበር ኣብ ቁጠባዊ ረብሓ ዝተመስረተ ስለዘይኮነ፡ ኣፍራይነት ናይ'ዚ ንኡስ ጽላት'ዚ ጌና ትሑት ኢዩ ዘሎ። ኣብዚ ከም ቀንዲ ምኽንያታት ዝጥቐሱ፡ ባህላዊ ኣተኣላልያ ጥሪትን ድኹም ተወርሶኣዊ ትሕዝቶ'ዩ። ምስፍሕፋሕ ሕማማትን ባልዓትን፡ ዋህዲ መግብን ማይን ድማ ነቲ ጸገም ካብ ዘጋድዱ'ዮም።*

*ኤርትራ ምስ ዘለዋ ቅርጺ መሬትን፡ ክሊማን፡ ካልኦት ባህርያዊ ሃብትን ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ሰለስተ ናይ ልምዓት ዞባታት ክትምቀል ትኽእል። ንሳቶም ድማ ማእከላይ ከበሳ፡ ምብራቓዊን ምዕራባዊን ቆላታት'ዮም።*

*ዞባ ማእከላይ ከበሳ ዝበሃል፡ ካብ ጽፍሒ ባህሪ* 1,500 *ሜትሮ ልዕሊኡን ዘተቓልል ኮይኑ፡ ህዝቢ ብጻዕቂ ዝነብረሉ ከባቢ'ዩ። ዋላ'ኳ* 21% *ካብ ጠቕላላ ስፍሓት መሬት ኤርትራ ዝሸፍን 'ተኾነ፡* 66% *ካብ ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ ዞባ ይቕመጥ። እዚ ዞባ ዘለዎ ክሊማ ሕርሻዊ ምሕርቲ ንምድንፋዕ ምቹእ'ዩ። ዓመታዊ ብማእከላይ ገምጋም* 450 *ሚ.ሜ ዝናብ ይረክብ። ብዘለዎ ብራኽ ልዑል ቁጠባዊ እቶት ዘለዎም ዘራእቲ ንምፍራይ የኽእል። ካብዚ ዞባ ዝብገሱ ወሓይዝ ውን ናብ ምዕራባውን ምብራቓውን ቆላታት ፈሲሶም ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈታት ዓቢ ኣበርክቶ ይገብሩ።*

*ዞባ ምዕራባዊ ቆላ ዝበሃል፡ ካብ ማእከላይ ከበሳ ብሸነኽ ምዕራብ ዝርከብ ኮይኑ፡ ካብ ጽፍሒ ባሕሪ* 1,500 *ሜትሮን ትሕቲኡን ዘጠቓልል'ዩ። እዚ ዞባ'ዚ ኣስታት* 37% *ካብ ጠቕላላ ስፍሓት መሬት ኤርትራ ዝሸፍን ኮይኑ፡* 21% *ካብ ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ ዞባ ይቕመጥ። ትሕዝቶ መሬትን ማይን እዚ ዞባ ንሕርሻ ምቹእ ኣብ ርእሲ ምዃኑ እቶም ኣብ መስኖኣዊ ሕርሻ ዓቢ ኣበርክቶ ዘለዎም ዓበይቲ ወሓይዝ ሃገርና'ውን ኣብዚ ዞባ'ዚ ይርከቡ። ምዕራባዊ ቆላ ብዝናብ ክለምዑ ዝኽእሉ ሰፋሕቲ ጎላጉልን ንጉስነት ምቹእ ዝኾነ መሬት ኣለውዎ። ብሓፈሻ እዚ ዞባ'ዚ ብዘለዎ ሕርሻዊ ዓቕሚ መሶብ ሃገር ተባሂሉ ይፍለጥ።*

*ዞባ ምብራቓዊ ቆላ ካብ ማእከላይ ከበሳ ብሸነኽ ምብራቕ ዝርከብ ኮይኑ፡ ምብራቓዊ ኣጻድፍ፡ ምብራቓዊ ጎላጉልን ደሴታት ቀይሕ ባሕርን ብምጥቕላል፡ ንኹሎም ካብ ጽፍሒ ባሕሪ* 1,500 *ሜትሮን ትሕቲኡን ዝኾኑ ቦታታት ይውክል። ዋላ'ኳ እዚ ዞባ'ዚ ኣስታት* 41% *ካብ ጠቕላላ ስፍሓት*

መሬት ኤርትራ ዝሸፍን ይኸውን፡ 13% ካብ ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ ኣብዚ ዞባ ይቕመጥ። ውሱን ቦታታት ምብራቓዊ ኣጻድፍ ካብ 700 ክሳብ 1000 ሚ.ሜ ዝበጽሕ ዝናብ ክረክብ ከሎ፡ እቲ ዝሰፍሐ ቦታታት ምብራቓዊ ጎላጉል ግን ኣስታት 200 ሚ.ሜ ዝናብ ጥራይ ይረክብ። እዚ ዞባ ንልምዓት ለማሚ መስኖ ምቹእ ኮይኑ እቶም ኣብ ቁጠባ ሃገር ዓቢ ኣበርክቶ ዘለዎም ወደባት ባጽዕን ዓሰብን ኣብዚ ዞባ ይርከቡ።

### ቀንዲ ዕማማት ሚኒስትሪ ሕርሻ

ብመሰረት ንምምስራት ዞባዊ ምምሕዳር መንግስቲ ኤርትራ ዝወጸ ሕጋዊ ምልክታ (ቁ.86/1996)፥ ቀንዲ ስልጣንን ዕማማትን ሚኒስትሪታት ፖለሲ ምሕንጻጽ፥ ምርምር፥ ምምዕባል ሓይሊ-ሰብ፥ ሕጋጋትን ቁጽጽርን ሞያዊ ደገፍ ንዞባታት ምሃብን ኢዩ።

ነዚ ሕጋዊ ምልክታ ብምኽባርን ብምርዳእን፥ ብቑዕ፥ ስሉጥን ሚዛናውን ኣገልግሎት ንምሃብ ዝጠልቦ ቅርጥውን ብሱልን ክኢላዊ ዓቕሚ፥ ሞያዊ ምክፍፋልን ምውህሃድን ኣብ ግምት ብምእታው፥ ንውሑድ ጸጋታት ብውሕልነት ኣብ መዓላ ብምውዓል ረብሓን ድሌትን ተጠቀምትን፥ ኣፍረይትን ጠቕላላ ሕብረተ-ሰብን ንምሕላው ዘኽእል ኣወዳዳድባ ኣለዎ።

### ንምዕባለ ሕርሻ ዝድርቱ ቀንዲ ማሕንቖታትን ብድሆታትን

- ዝሰፍሐ ዝሕረስ መሬት ኣብ ዘይስሩዕን ዘየተኣማምንን ዝናብ ዝምርኮስ ምዃኑ፡
- ብያታዊ ኣገባብ ዝተዓብለለ፥ ትሑት ቴክኖሎጅን መኻዕበቲ እቶትን ዝጥቀም ኣገባብ ማሕረስን ጉስነትን፥
- ዘይማዕበለን ዘይተወሃሃደን ኣገባብ ማእቶት፥
- ያታዊ ኣተሓሕዛ ጥሪትን ድኸም ተወርሶኣዊ ትሕዝቶን፡
- ዝደኸየን ዝዓነወን ባህርያዊ ጸጋታት...ወዘተ፥

2. ## ራእይን ዕላማታትን ሕርሻዊ ጽላት

### ራእይ ሕርሻዊ ጽላት

ዘመናዊ፥ ውጽኢታውን ተወዳዳርን ቀጻልነት ዘለዎ ሕርሻዊ ልምዓት ምርግጋጽ ኰይኑ፥ ሚኒስትሪ ሕርሻ ንልምዓት ዘተባብዕ ሃዋህዉ ይፈጥር፥ ስትራተጅን ፖለስን ይሕንጽጽ፥ ሕጋጋትን መምርሕታትን የውጽእን ይቆጻጸርን፥ ምርምር የካይድ፥ ክኢላታት ይምልምል፥ ሞያዊ ምኽሪ ንሓረስቶት ንምሃብ ዘኽእል መርበብ ይውድብን የደልድልን። ኣውፈርቲ ድማ ኣብ ምድንፋዕ ማእቶት፥ ምምስራሕ፥ ምዝርጋሕ (ዕዳጋ) ምህርቲ፥ ካልኦት ሓገዝቲ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ የተኩር።

### ዕላማታት ሕርሻዊ ጽላት

### ናይ ርሑቕ ዕላማ

ብሓያል ስነ-ፍልጠታዊ ብልሓት ዝምራሕ ዘመናዊ ንግዳዊ ስርዓተ-ማእቶት በብደረጅኡ ብምምዕባል እቶታውነት ሕርሻ ብዓይነትን ዓቐንን ብምብራኽ ኣበርክትኡ ኣብ ቁጠባ ሃገር ምዕባይ።

**ናይ ቀረባ ዕላማታት**

- ምዕባለ ሕርሻ ብምብራኽ ንዜጋታት ናይ ስራሕ ዕድላት ምፍጣር፥
- ንናይ ውሽጢ ሃገር መስንዓት ዘድልዩ ፍርያት ምፍራይ፥
- ንሰደድ ዝዓለመ ተወዳደሪ ምህርቲ ብምፍራይ ናይ  ወጻኢ ሸርፊ ምርካብ፥
- ኣብ ዕቀባን ምምዕባልን ኣከባቢ ኣበርክቶ ምግባር፥
- ክኢላዊ ዓቕሚ ሕርሻ ብዓይነትን ብዝሕን ብምዕባይ ዘመናዊ ኣገባብ ኣሰራርሓ ሕርሻ ምሕያል።

***ፖለሲን ስትራተጂን ሕርሻዊ ጽላት***

*ፖለሲ*

*ናይ መንግስቲ ፖለሲ ኣብ ሕርሻዊ ጽላት ንያታዊ ኣገባብ ማእቶት ናብ ኣብ መስኖ ዝተመርኮሰ ዘመናዊ ንግዳዊ ስርዓተ ማእቶት በብደረጃኡ ንምቕያርዩ። ነዚ ንምርግጋጽ መንግስቲ ኣብ ምሕንጻጽ ፖለሲ፡ ምክያድ ምርምር፡ ኤክስቴንሽንን  ቁጽጽርን ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን ይነጥፍ። ኣውፈርቲ ድማ ኣብ ምፍራይ፡ ምምስራሕን ዕዳጋን ካልኦት ተመሳሰልቲ ኣገልግሎታትን ይነጥፉ።*

*ስትራተጂ*

- *ምዕቃብን ምድንፋዕን ባህርያዊ ጸጋታት፡*
- *ምምዕባል መስኖን ደገፍ መስኖን፡*
- *እቶታውነት ሕርሻ ብዓቐንን ዓይነትን ምድንፋዕ* (Intensification)፡
- *ምህርቲ ሕርሻ ብዓይነት ምስፋሕ* (Diversification)፡
- *ጥሙር ሕርሻ ዘራእትን እንስሳታትን ምምዕባል* (integration)፡
- *ኣተሓሕዛ ዝሕረስ መሬት ምውሕላል፡*
- *ምምዕባልን ምሕያልን ሕርሻዊ ኢንዱስትሪ፡*
- *ናይ ኣፍረይትን ዕዳጋን ማሕበራት ምምዕባልን ምድልዳልን፡*
- *ምርምርን ኤክስተንሽንን ምሕያል።*

***ፕሮግራማት መንግስቲ ኣብ ሕርሻዊ ጽላት***

- *ምዕቃብን ምድንፋዕን ባህርያዊ ጸጋታት፥*
- *ምድልዳልን ምምድማድን መሬት፥*
- *ምኽዛን ማይን መስኖኣዊ ልምዓትን፡*
- *ልምዓት ዘራእትን ሃብቲ እንስሳን፡*
- *ምኽየናን እትዎትን፡*
- *ምኽዛን፡ ምምስራሕን ዕዳጋን፡*
- *ምምዕባል ትካላውን ሞያውን ዓቕሚ ሰብ፡*

## 3. ሕልው መሳለጥያታትን ኣገልግሎታትን

ኣብ ዝሓለፉ 20 ዓመታት መንግስቲ ንሕርሻዊ ጽላት ንምምዕባል ዝተፈላለዩ መሳለጥያታትን ኣገልግሎታትን ክዋድድ ክኢሉ ኣሎ። ገለ ኣብነት ካብቶም ኣገደስቲ ንምጥቃስ፥

- ትሕተ-ቅርጺ ከዘንቲ ማያት፥
- ዝተፈላልዩ ስርዓተ መስኖ ሕርሻ፥
- ዘመናዊያን ናይ ሕርሻ ማሽነሪታትን መሳርሒታትን፥
- ኮሎጃትን ተክኒካዊ መሰልጠኒ ማእከላትን፥
- ቀረብ እትዋት ምዝርጋሕ፥
- ሕርሻዊ ላቦራቶሪታት፥
- እንስሳታት ናይ ምድቓል መሳለጥያታት፥
- ናይ እንስሳ ጥዕና ማእከላት (ብንኡስ ዞባ ደረጃ)፥
- ሃገራዊ ማእከላት ምጭጫሕ ጨቓዊትን ምርባሕ ሹም ንህብን፥
- ሃገራዊ መደበር ፈልሲ ፍረታትን ኣግራብን፥
- ሃገራዊ ትካል ነቑጣታት ምርምር ሕርሻ ኣብ ኣግሮ-ኢኮሎጂካል ከባቢታት፥
- መዓቀቢ/መወከሲ ባሕርያዊ ተወርሶ፥
- መሳለጥያታት መጻረዪ ዘርኢ፥
- ትካል ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን።

**ተራ መንግስትን ኣውፈርትን፦**

ዕብየት ሕርሻ ዝረጋገጽ ውሁድ ተሳታፍነት መንግስትን ኣውፈርትን ምስዝሕሉ ጥራይ'ዩ። ኣብ ርእሲ ቶም ኣብ ላእሊ ተተዘርዚሮም ዘለዉ ቀንዲ ዕማማት ሚ/ሕርሻ፥ ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ዝካየዱ መሳለጥያታትን ኣገልግሎታትን ድማ፥

- ሓፈሻዊ ድሕነት ህዝቢ ንምሕላው ዝድለዩ ሕርሻዊ መሳለጥያታትን ኣገልግሎታትን፥
- ገዚፍ ወፍሪ ዝሓቱ ትሕተ-ቅርጽን ትካላትን፥
- ሃገራዊ ሞዴል ሕርሻታት፥
- ምክልኻልን ምቑጽጻርን ቁጠባዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ሕማማትን ባልዓትን ኡቕልን እንስሳን፥
- ምዕቃብን ምምዕባልን ባህርያዊ ተወርሶታት፥

ብኣውፈርቲ ክካየዱ ዝድለዩ መሳለጥያታትን ኣገልግሎታትን ድማ፥

- ምፍራይ ዘራእትን እንስሳን፥
- ምምስራሕን ዕዳጋን፥
- ኣገልግሎት ምኽሪ።

በብደረጅኡ ድማ ኣውፈርቲ ኣብዘን ዝስዕባ መሳለጥያታትን ኣገልግሎታትን ክዋስኡ ይኽእሉ፥

- ምምዕባል ሕርሻዊ ማሽነሪታት፥
- ቀረብን ምዝርጋሕን ሕርሻዊ እትዋት፥
- ምፍራይ ምዝርጋሕን ዝተመሓየሸ ዘርኢ (ብቑልን እንስሳታን)፥
- ኣገልግሎት ምክልኻል ብደረጃ ሕርሻ (at farm level) ንዝርኣዩ ሕማማትን ባልዓትን፥

- ኣገልግሎታት ምዕቃብ ማይን ምምዕባል መስኖን።

## 4. ዕድላት ወፍሪ ኣብ ሕርሻ

ሕርሻ ሰፊሕ ዓውደ-ስራሕ ስለ ዝኾነ ብኡ መጠን ድማ ሰፊሕ ዕድላት ወፍሪ ኣለዎ። ገለ ካብቶም ወፍሪ ክካየደሎም ዝኽእሉ ዕድላት ንምጥቃስ፡

**ምፍራይ ዘራእቲ**

- ኣእካል- ጥረታት፡ ናይ ቅብኣት ኣዝርእቲ (ብዝናብን መስኖን)፡
- ኣሕምልቲ- በርበረ፡ ፐፐሮኒ፡ ሰላጣ፡ ኮሚደረ፡ ካሮቲ፡ ድንሽ፡ ሽጉርቲ (ጻዕዳን ቀይሕን)፡ ፋጆሊ፡
- ክብሪ ዘልዎም ንሰደድ ዝዓልሙ ኣሕምልቲ፡ (cherry tomato, Asparagus, broccoli, cucumber, endive, sweet pepper, green beans, eggplant etc.)፡
- ፍረታት- ባናና፡ ሲትረስ፡ ተምሪ፡ ፓፓዮ፡ ወይኒ፡
- ካልኦት ናይ ንግዲ ዘራእቲ፡ ጡጥ፡ ስትራውብይሪ፡ ዕምባባ ወዘተ..

**ምፍራይ እንስታታት**

- ስጋ፡- ከብቲ፡ በጊዕ፡ ሓሰማ፡
- ጸባን ውጽኢት ጸባን፡
- መዓርን ውጽኢት መዓርን፡
- ደርሆ (ስጋን እንቛቑሖን)።

**ምምስራሕ**

- ሳልሳ ኮሚደረ፡ ማልማላታ በለስ፡ ፍርያት ዕረ፡ ጽማቕ ፍረታት፡ ጠስሚ ፉል፡ ምጽራይን ምዕሻግን መዓር፡ ምምስራሕ ጸባን ውጽኢቱን፡ ምምስራሕ መግቢ እንስሳ፡ ማእለማ፡ ምልፋዕ ቆርበት ወዘተ..

**ዕዳጋ**

- ዝተፈላለዩ ፍርያት ሕርሻ፡
- ዝተፈላለዩ ቀረብ እትዋት ሕርሻ፡
- ኣገልግሎት መጓዓዝያን መኽዘንን።

## 5. ክማልኡ ዝግብኦም ረቛሒታትን ኣገባባትን

ማእከል ወፍሪ ኤርትራ ንወፍሪ ዝምልከቱ ጉዳያት ኣሳላጥን ወዳእን ኣካል'ዩ። ኣውፈርቲ ጉዳዮም ብመጀመርያ ናብዚ ኣካል ከቕርቡ የድሊ። ኣብ ሕርሻ ወፍሪ ክገብሩ ዝደልዩ ኣውፈርቲ ብመጽናዕቲ ዝተደገፈ ዝርዝራዊ ውጥን ወፍሪ ብምድላው ናብ ሚ/ሕርሻ ከቕርቡ ይግባእ። ቤ/ጽሕፈት ምምዕባል ወፍሪ ሚ/ሕርሻ ንኣውፈርቲ ዘድሊ ደገፍን ምክትታልን ይገብር። ንዝቐርቡ ውጥን ወፍሪ ብግቡእ ብምምርማር ተክኒካዊ ጸብጻብ ናብ ማእከል ወፍሪ ኤርትራ ንውሳነ የቕርብ።

## 6. መደምደምታ

- ኣብ ምምዕባል ሕርሻ መሬትን ማይን ኣገደስቲ ረቛሕታት ስለ ዝኾኑ፡ መንግስቲ ኣብ ኩለን ኣግሮ-ኢኮሎጂካዊ ከባቢታት ንሕርሻዊ ወፍሪ ምቹእ ዝኾነ መሬት ከዳሉ'ዩ።
- ዋላ'ኳ ወፍሪ ኣብ ሕርሻ ኣኽሳቢ እንተኾነ ሓደገኛ ምዃኑ (risky) ግን ክርሳዕ የብሉን። ስለዚ ኣውፈርቲ
  - ❖ ውጥናቶም ብግቡእ፡ ኣብ ባይታ ብዘሎ ሓቅታት ተመርኪሶም ክዳልው፡
  - ❖ ምስቲ ወፍሪ ዝሰማማዕ ትሕተ-ቕርጽን፡ ኣገባብ ማእቶትን፡ ተክኖሎጂን ከተኣታትዉን ክጥቀሙን፡
  - ❖ ብቑዓትን ተወዳደርትን ኪኢላታት ክሳትፉ፡
  - ❖ ስሉጥን ውጽኢታ'ውን ምሕደራ ውን ካብቶም ኣቓልቦ ክወሃቦ ዝግባእ'ዩ።